# እቲ መባእታዊ ሪፖርት ብሓጺሩ

ኣብ 3 ሜይ 2024፣ ኮሚሽነር Marie-Josée Hogue ነቲ መባእታዊ ሪፖርታ ኣውጺኣ። ብናይ ወጻእ ሓይልታት ዝግበር ጣልቃ ምእታው ኣመልኪቱ ንዝገብሮ ስራሕ ቀዳማይ ደረጃ ስርሑ ዛዚሙ። ኣብዚ እዋን እቲ ኮሚሽን በሽሓት ዝቁጸሩ ሰነዳት ገሚሙን ኣብ ውሽጢ 21 መዓልቲ ንልዕሊ 60 መሰኻኽር ዝሰምዓሉ፣

ናይቲ መባእታዊ ሪፖርት ዋና ዕላማ፣ ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ኣመልኪቱ ዝሓሸ ርድኢት ንኽህብን፣ ስለምንታይ ክንጥንቀቐሉ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ፌደራላዊ መርጫ ብኸመይ ከም ዝተራእየን፣ እቲ መንግስቲ ብኸመይ መልሲ ከም ዝሃበሉን፣ ንህዝቢ ዝሓሸ ርድኢት ህምሃብ እዩ ነይሩ።

ኣብቲ መባእታዊ ሪፖርት ናይ ዝተረኽቡ ቀንዲ ጉዳያት፣ ፍጻመታትን መደምደምታታትን ጽሟቕ ኣብ ታሕቲ ይርከብ።

## ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ...

**ሓድሽ ኣይኮነን።** ኣብ ካናዳን ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ናይ ደህንነት ስግኣት ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ግናኸ ነቲ እናተለዋወጠ ይኸይድ ዘሎ ጂኦፖለቲካን ቴክኖሎጂን ብዘንጸባርቕ መልክዑ፣ እናማዕበለ ይኸይድ ዘሎ ነገር እዩ።

**ቀጻሊ እዩ።** ኣብ ካናዳ ብተወሰንድ ደረጃ ዝፍጸም ቀጻሊ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ምትእትታው ይፍጸም እዩ። ኣብ እዋን ምርጫ ጥራሕ ዝፍጸም ኣይኮነን።

ብናይ ወጻእ መንግስታት፣ ወይ ብወከልቶም ዝካየዱ **ስዉር፣ ናይ ምትላል ወይ ብኣካል ናይ ምፍርራሕ ተግባራት፣** ንጥቅምታት ናይ ካናዳ ኣብ ጸገም ከእትዉ ዝኽእሉ እዮም።

**ኩሉሳዕ ንጹርን ግልጺን ኣይኮኑን።** ኣብ ተግባር፣ እቲ ኣብ መንጎ ናይ ወጻእ ሓይልታት ጽልዋን (ሕጋዊ) ናይ ወጻእ ሓይልታት ጣልቃ ምእታውን (ዘይሕጋዊ) ንዘሎ ፍልልይ ከተስምረሉ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መብዝሕትኡ እዋናት ናይ ወጻእ ተዋሳእቲ ንዝተመስረቱ፣ ሕጋዊ መስመራት ተጠቂሞም ንዘለዎም ሃገራዊ ጥቅምታት ንኽፍጮ ሚስጥራዊ ንጥፈታት ዘካይዱሉ ንጹር ዘይኮነ ከባቢ ኣሎ።

**ዝተፈላለዩ መዳያት ዘለዎ።** ኣብ ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ተግባራት ዝዋስኡ መንግስታዊን ዘይ-መንግስትዊ ተዋሳእቲ፤

- **ኣብ ናይ ካንዳዳ ዲሞክራሲ ጣልቃ ንምእታው ዝተፈላለዩ ታክቲካት ይጥቀሙ።** ንኣብነት፣ ምስቲ ዝሓሰብዎ ዕላማ ነዊሕ ዝተሰርሓሉ ናይ ነዊሕ-እዋን ርክባት ምምስራት፣ ቁጠባዊ ደገፍ፣ ጉቦ፣ ናይ ምቅላዕ ታህዲድ ምግባር፣ ምፍርራሓት፣ ሳይበራዊ መጥቃዕትታት፣ ጌጋ ሓበሬታ ናይ ምንዛሕ ቅስቀሳታትን ወከልቲ መጥቃምን (ኣብ መንጎ እቲ ዝካየድ ተግባርን እቲ ናይ ወጻእ መንግስቲ ንዘሎ ርክብ ንምሕባእ ንከኽእሎም ካብ ናይ ወጻእ መንግስቲ መምርሒ ዝቅበሉ ሰባት)።
- **ንብዙሓት ዝተፈላለዩ ግሩፖታት ኣብ ዕላማ የእትዉ፤** ሕጹያትን ዝተመርጹ በዓል ስልጣናትን፣ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታትን ፖለቲካዊ ሰራሕተናታት፣ ኣድመጽቲ፣ ናይ ጥቅሚ ግሩፖታትን (ንኣብነት፣ ለገስቲ፣ ሎቢይስት፣ ኮማዊ ግሩፖታት) ሜድያን (ዕላዊ ናይ ሜድያ ትካላትን ኮማዊ ምንጫታትን)።
- **ንናይ ስደተኛ መሕበረሰባት ኣብ ዕላማ ናይ ምእታው ፉሉይ ድልየት ክህልዎም ይኽእል እዩ።** ብሕልፊ ኸኣ፣ ንተቃወምቲ ስቕ ንምባል፣ ንመልእኽቲ ናይቲ ናይ ወጻእ መንግስቲ ንምጉላሕ፣ ንናይ ህዝቢ ሓሳባት ንምቁጽጻርን ኣብ መንጎኦም ዘይምስምማዕ ንምትእትታው። ናይ ስደተኛ ማሕበረሰብ ኣባላት

ብምኽንያት ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው፣ ከም ኣብ መበቆል ሃገሮም ንዝርከቡ ስድራ ቤቶም ማህሰይቲ ናይ ምውራድ ምፍርራሓት ዘካተቱ፣ ገለ ገለ ኣዝዮም ሃሰይቲ ጽልዋታት የጋጥሞም።

ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታታት ንምርካብ፤

*ምዕራፍ 4 - ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው እንታይ እዩ?*
*መኣዝን B - ሕቶን መልሲን፤ ምርጫታት፣ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታውን ናይቲ ኮሚሽን መጽናዕቲ*

## ናይ ወጻኢ ሓይልታት ምትእትታው ጽልዋታት

እቲ መባእታዊ ሪፖርት ንጹር እዩ፤ ኣብዘን ዝሓለፉ ክልተ ናይ ካናዳ ሓፈሻዊ ምርጫታት ናይ ወጻኢ ጣልቅ ምእታው ተፈጺሙ ነይሩ።

ናይ ቻይና ህዝባዊ ሪፓብሊክ (“PRC”) ሓደ ካብቶም ዘይሕለሉን ዝተራቐቑ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ስግኣታት ከም ዋና ክጥቀስ ይከኣል ዋላ እንተኾነ፣ በቲ ኮሚሽን መጽናዕቲ ዝተገብረሎም ናይ ስለያ ሰነዳት ንሩስያ፣ ህንዲ፣ ፓኪስታንን፣ ናይ ኢራን እስላማዊ ሪፑብሊክን ካልኦት ሃገራትን፣ ኣብ ውሽጢ ካናዳ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ተዋሳእቲ ክኾና ከም ዝኽእላ ረቑሒውን ኣልዎ።

ነዚ ክዉንነት ኣብ ግምት ብምእታው፣ እቲ መባእታዊ ሪፖርት ብዛዕባ ኣብ 2019 ን 2021 ን ዝነበሩ ሓፈሻዊ ምርጫታትን፣ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝገበሩዎ ጣልቃ ምእታውን ዝነበሮም ጽልዋታትን ኣመልኪቱ ንዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣብ ግምት ኣእቲዩ ኣሎ። እዞም ሕቶትን ናይቲ ኮሚሽነር ናይ መርመራ ውጽኢኣት ጽሟቕ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ኣሎ።

### ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንንጽህና ናይቲ ምርጫ መስርሕ ጸይቕዎ ነይሩ ድዩ?

ኣይፋልን። ክልቲኡ ምርጫታት፣ ብደረጃ ሃገርን ብደረጃ ብሕታዊ ውድድራት፣ ንጽህንኦም ብዝተሓለወ ኣገባባት እዮም ተካይዶም። መረጽቲ ናይ ምርጫ ወረቀቶም ከእትዉን ምርጬኦም ክምዝገቡን ክቁጸሩን ክኢሎም ነይሮም። ነዚ ዝጸረር ጭብጢ ኣይነበረን።

---

### ኣብ 2019 ወይ 2021 ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ኣየናይ ፓርቲ ኣብ ስልጣን ንኽመጽእ ጽልዋ ነይሩዎ ዶ?

ኣይፋልን፣ ኣይነበሮን። ኣብ 2019ን 2021 ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ይሃሉ ኣይሃሉ ብዘየገድስ እቲ ናይ Liberal Party ኣብ ስልጣን ምሃለወ።

---

### ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምትእታው ነቲ ኣብ ናይ ራይዲንግ ደረጃ ንዘሎ ዝኾነ ናይ ምርጫ ውጽኢት ጸልዩ ነይሩ ዶ?

ኣብ ሒደት ቁጽሪ ናይ ራይዲንግ ዝነበሩ ውጽኢታት ተጸልዮም ኔይሮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ግን ብርግጽ ክብሃል ኣይክኣልን እዩ። ኣብዘም ናይ ራይዲንግ ምርጫታት፣ ናይ ወጻኢ ምትእትታው ንኽልቲኡ ናይ ሕጹያት ውድድራትን ናይ ምርጫ ጎስጓሰትን ጸልዮምን፣ መን ናብ ፓርላማ ከም ዝምረጽ ወይ ኣየናይ ፓርቲ ነየናይ ሰድያ ከም ዝሰዓረ ጸልዮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

---

### ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ነቲ ዝሰፍሐ ናይ ምርጫ ስርዓተ-ምሕድሮ ጸልዩ ኔይሩ ዶ?

እወ ጸልዩ። ኣብ ዝተወሰኑ ናይ ምርጫ ውጽኢታት ዝነበሮም ጽልዋ ብዘየገድስ፣ እቶም ኣብቲ መባእታዊ ሪፖርት ዝተረቑሑ ፍጻሜታት፣ ንገለ መረጽቲ ኣፍልጦ ዝተመልአ ምርጫ ናይ ምግባር ዓቕሞም ነክዩን፣ ስለዚ ውን ነቲ መስርሕ ማክያ ገዲፉሉ። እቲ ጽልዋ ቀሊል ክኸውን እኳ እንተ ኾኣለ፣ ኣብ መጻኢ ግና ብርቱዕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

---

**ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ናይ ካናዳ ዲሞክራሲ ንዘለዎ ተኣማማንነት ነክዩ ዶ?**

እወ ነክዩ። ኣብ ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ናይ ዝዋስኡ ብዙሓት መንግስታት ቀንዲ ዕላማ ኣብ ዲሞክራሲን መንግስትን ንዘሎ እምነት ምንካይ እዩ። ብምኽንያት ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው እቲ ዝዓበየ ማህሰንቲ ንካናዳ ምናልባሽ እዚ ክኸውን ይኽእል።

**ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ንኹሉ ብማዕረ ጸልዩዎ ዶ?**

ኣይጸለወን። ወላ እኳ ኩሎም ካናዳውያን ግዳያት ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው እንተኾኑ፣ ኣገባብን ስልትታት ናይ ወጻእ ጣልቃ ኣተኣታትዋ ኣብ ካናዳ ንዘለዉ ናይ ስደተኛታት ማሕበረሰብ ብፋሉይ መገዲ እዩ ዝሃስዮም። ተሞክሮታቶም ዕሽሽ ክብሃል የብሉን። ፋሉይ ኣቃልቦ ኽግበረሎም ኣለዎ።

---

ነዞም መደምደምታታት ኣመልኪቱ ተወሰኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ እትውከሶ፣ *ምዕራፍ 8 - ንጽልዋታት ምግምጋም (Assessing the Impacts)*

## ነቲ መባእታዊ ሪፖርት ብምውካስ ክርከቡ ዝኽእሉ ካልኦት ሓበሬታታት

| *ቀንዲ ነጥብታት ናይቲ ሪፖርት*<br>ኣብቲ መባእታዊ ሪፖርት ንዘለዉ ቀንዲ መደምደምታታት ኣብ 15 ገጻት ጸሚቑ የቀምጥ። | *መውጽኢ*<br>ናይቲ መባእታዊ ሪፖርት ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ይህብ |
|---|---|

ነቲ ኮሚሽን ኣብ ምምስራት ዘምርሑ ክስተታት ብቕደም ተኸተል።

→ *ምዕራፍ 1 - እቲ ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ኮሚሽን ብኸመይ ከም ዝተመስረተ*

ንስልጣን ናይቲ ኮሚሽንን ብኸመይ ንኽሰርሕ ከም ዝተዋቐረ ብዝርዝር ይገልጽ።

→ *ምዕራፍ 2 - እቲ ኮሚሽን ናይ ዘለዎ ስልጣን ስፍሓት*
→ *መኣዝን C - ኣሰራርሓን ኣወዳድባን ናይቲ ኮሚሽን*

ምስ ናይ ስለያን ክቱር ሓበሬታት ርክብ ዘለዎም መምርሕታትን ሓሳባትን፣ ግልጽነትን ንዘለዉ ስተፈላለዩ ናይ ደህንነት ጥቅምታት ንምዝናይ ክብል እቲ ኮሚሽን ዝተጠቕመሉ ሜላ።

→ *ምዕራፍ 3 - ግልጽነትን ናይ ሃገራዊ ደህንነት ሚስጥራዊነት*

ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ግብረ መልሲ ናይ ዝህቡ ናይ ስለያ ትካላትን ካልእ ፌደራላዊ ትካላትን መስርሓትን፣ ሓበሬታ ኣብ ውስጢ መንግስቲ ብኸመይ ከም ዝመሓላለፍ መግለጺ።

→ *ምዕራፍ 5 - ካናዳ ብኸመይ መገዲ ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ግብረ መልሲ ትህበሉ?*

ኣብቲ ናይ 2019 ኣጠቃላሊ ምርጫ ከም ዝነበሩ ዝጥርጠሩ ናይ ወጻእ ታልቃ ምእታው ግብርታትን፣ ናይ መንግስቲ ግብረ መልሲን → *ምዕራፍ 6 - ናይ 2019 ኣጠቃላሊ ምርጫ*

ንኣብነት፤

- ኣብ Don Valley North (Ontario) ኣብ ዝነበረ ናይ Liberal Party ሕጹያት ምምራጽ ዝነበሩ ዘይስሩዕ ኩነታት

- ናይ PRC ጣልቃ ምእታው ተግባራት ኣብ Greater Vancouver ።
- ኣብ ካናዳ ምስ PRC -ርክብ ከም ዘለዎም ንዝፍለጡን ጸገም ከምጽኡ ከም ዝኽእሉ ንዝጥርጠሩ ጉጅለታት ናይ $250 ሽሕ ቁጠባዊ ደገፍ ክስታት
- ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ናይ መንግስቲ ፓኪስታን በዓል መዝታት ነቲ ናይ ካናዳ ፌደራላዊ ፖለቲካ ብሚስጥር ክጸልዉ ዝገብሩዎ ፈተነታት።
- ኣብ *Buffalo Chronicle* ተባሂሉ ጽፍለጥ ዌብሳይት፣ ብዛዕባ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፣ ኣሉታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ጽሑፋት።

---

ኣብቲ ናይ 2021 ኣጠቃላሊ ምርጫ ከም ዝነበሩ ዝጥርጠሩ ናይ ወጻእ ታልቃ ምእታው ግብርታትን፣ ናይ መንግስቲ ግብረ መልሲን → *ምዕራፍ 7 - ናይ 2021 ኣጠቃላሊ ምርጫ*

ንኣብነት፤

- ነቲ ናይ Conservative Party of Canada ፖሊሲ መድረኽ፣ መራሒኦም Erin O'Toole ን፣ ኣብ Steveston–Richmond East (British Columbia) ንዝርከብ ሕጹዮም Kenny Chiu ኣብ ታርጌት ዘእተወ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምብታን ተግባር።
- ኣብ ከባቢ Greater Vancouver፣ ንናይ New Democratic Party ኣባል ፓርላማ፣ Jenny Kwan ን ካልኦት ሕጹያት ኣብ ታርጌት ዘእተወ ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ጥርጡር ተግባራት።
- ካብ መንግስቲ ህንዲ ብሚስጢር ከም ዝተገብረ ዝጥርጠር ቁጠባዊ ደገፍ።
- ናይ ሩስያ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምብታን ጥርጡር ተግባር።

---

## ካልኣይ ደረጃ ስራሕ ናይቲ ኮሚሽን ስራሕን ምስ ህዝቢ ምምኻርን

ናይቲ ኮሚሽኝ ስራሕ ገና ኣይተወደአን፣ ካልኣይ ደረጃ ድሮ ጀሚሩ ኣሎ።

ኣብዚ ደረጃ፣ እቲ ኮሚሽን ንዝተፈላለዩ ናይ መንግስታዊ ተዋሳእቲ ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ተግባራት ንምልላይ፣ ንምግታእን ግብረ መልሲ ንምሃብ ንዘለዎም ዓቕምታትን መስርሓትን ክምርምርን፣ ንዓቕምታቶም ብኸመይ ከደላድል ለም ዝኽእል ሓሳባት ከቅርብ እዩ።

እቲ ኮሚሽን፣ ክዓሞም ይሓስብ ካብዘለዉ ነገራት፤

- ብዛዕባ ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ንዝተረኽበ ናይ ስለያ ሓበሬታ ንመንግስቲ፣ ንህዝቢን፣ ነቶም ንናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ተግባራት ቅሉዓት ዝኾኑ ብኸበይ ከም ዝሕበሮምን፣ ናይ ስለያ ትካላትና ተወሰኺ ሓበሬታታት ንኸካፍላ ጉቡእ እንተኾይኑ ክግምግም እዩ።

- ብኢንተርኔት ንዝግበሩ ናይ ሓሶት ሓበሬታን ግጉይ ሓበሬታታት ግብረ መልሲ ኣብ ምሃብ ንዘለዉ ብድሆታት ዘካተቱ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸገማት ኣብ ግምት ከእትው።

- ሕጹያት ንዝወዳደሩሎም መስርሓት ንዘመሓድሩ መምርሕታት፣ ወይ ጉድለት መምርሕታት ክምርምር። እዞም ውድድራት ንናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ቅሉዓት ከም ዝኾኑ እቲ ናይ መጀመርታ ደረጃ ኣርእዩ ኣሎ።

### ምስ ህዝቢ ምምኽኻር

ናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው እናወሰኸ ክኸይድ እዩ ዝብል ግምት ኣሎ፣ ንኽተለልዮን ብዝሓሸ መገዲ ግብረ መልሲ ንኽትህበሉን ጽዑቕ ስጉምትታት እንተ ዘይተወሲዱ፣ ኣብ ልዕሊ ዲሞክራሲና ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዎ እዩ። ንዲሞክራሲናን ንኹሎም ካናዳውያንን ካብቲ ውጽኢቱ ንምክልኻል፣ ክግታእ ይግባእ።

በዚ ምኽንያት እዩ እቲ ኮሚሽን ናይ መማኸሪ መስርሕ ኣዳልዩ። ኮሎም ኣባላት ሕብረተሰብ፣ ብፍላይ ከኣ እቶም ናይ ስደተናታት ማሕበረሰብ፣ ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ዲሞክራሲያዊ ትካላትና ንዝግበር ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንዘለዎም ተሞክሮታትን ሓሳባትን ንክካፍሉና ተዓዲሞም ኣለዉ።

ብዛዕባ ናይቲ ኮሚሽን ናይ ህዝቢ ምምኻር መስርሕ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክርከብ ይክኣል እዩ፤
*https://foreigninterferencecommission.ca/public-consultation*

ኮሚሽነር Hogue ነቲ ናይ መወዳእታ ሪፖርት ኣብ ዲሴምበር 2024 ንኸተውጽኦ መደብ ኣለዋ።